






# USCIS ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ይቕበል

U.S. Citizenship and Immigration Services

M-1186-TIG (11/19)

# USCIS ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ይቕበል

U.S. Citizenship
and Immigration
Services

# USCIS ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ይቕበል

ናይ ዩኤስ ዜግነትን ናይ ስደተኛታት ግልጋሎትን (USCIS)፣ ናይ ዩኤስ ሃገራዊ ደሕንነት ክፍሊ (DHS) ክፋል፣ ናብ ዩናይትድ ስቴትስ ስደተኛ ወይ ሓተትቲ ዑቕባ ኮይንኩም እንትመጹ ይቕበለኩም። ክእለታትኩምን ፍሉይ ተውህቦታትኩምን ነኽብር፣ ኣብ ከባቢኹም ንክትደላደሉን ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ዕውት  ህይወት ንክትመርሑን ክንሕግዘኩም ንደሊ ኢና። ብኸመይ ናይ ዩኤስ ዜጋ ምኳን ከምዝከኣል እውን ሓበሬታ ክነካፍለኩም ንደሊ።

እዚ ሓጺር መግለጺ ብዛዕባ ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ምድልዳል ከምኡውን ብዛዕባ መሰላትኩምን፣ ግቡኣትኩምን ናይ ዩኤስ ዜግነት ናይ ምሓዝ ጥቕሙን ክትፈልጡ ይሕግዘኩም። ናይ ዩኤስ ዜጋ ምኳን ከምቲ ኩሎም ኣሜሪካውያን ዘለዎም መሰላት ንክህልወኩም ይገበር፡ ከምእውን ኣብ ሞንጎኹምን ኣብ ሞንጎ ምሳኹም ዘለዉ ዜጋታትን ናይ ሕብረት  ስምዒት ይፈጥረልኩም።

## መሰላትን ሓላፍነትን

ከም ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ዝነብር ስደተኛ ወይ ሓተትቲ ዑቕባ ከም ምኻንኩም መጠን፣ ልክዕ ከምቶም ኣብዚ ዝነብሩ ዘለዉ ካልኦት ሰባት ብዙሕ መሰላት ኣለኩም፣ ። ካብዞም መሰላት ሓድ ሓዲኦም ናይ ምዝራብ ናጻነት፣ ናይ ሃይማኖት ናጻነትን፡ ኣብ ኣኼባ ናይ ምእካብ  ናጻነት ዝኣመሰሉ እዮም።



ሓላፍነት እውን ኣለኩም። ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ፣ ኩሉ ሰብ ሕጊ ከኽብር ኣለዎ። ናይ ዩኤስ ሕግታት ካብ ካልኦት ትነብሩሉ ዝነበርኩም ቦታታት ሕጊ ዝተፈለዩ ክኾኑ ስለዝኽእሉ ክትፈልጥዎ ኣገዳሲ እዩ። ብዛዕባ ናይ ኣሜሪካ ታሪክ፣ መንግስትን ባህልን ምፍላጥ ኣብ ገዛኹም ከምዘለኹም ከም ዝስመዓኩም ይገብር።

**እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለዉኹም:**

- ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ውሽጢ ኣብ ዝኾነ ቦታ ናይ ምንባር
- ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ናይ ምስራሕ
- ሓደ ሓደ መምዘኒታት ብምምላእ ካብ ዩናይትድ ስቴትስ ወጺኹም ምምላስ
- ናይቲ ሃገር ሕጊ ከምዘፍቅዶ ክሳብ ዝኾነ ዕድመ ህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ምክትታል፣
- ገደብ ዘይብሉ ማሕበራዊ ናይ ደሕንነት ካርድ ክህልወኩም ምምዝጋብ
- ንናይ መኪና መምርሂ ፈቓድ ምምዝጋብ ወይ ንካልእ ዓይነት ኣብቲ ሃገር ወይ ግዝኣት ዝሰርሕ ናይ መንግስቲ ታሴራ ንምርካብ ናይ ምምዝጋብ
- ብቑዕ ምስ ኮንኩም፡ ሕጋዊ ቀዋሚ ነባራይ ንምኳን ከምእውን ናይ ዩኤስ ዜግነት ንምርካብ ምምዝጋብ

- በዓልቲ ቤትኩም/በዓል ቤትክን ወይ ዘይተመርዐዉ ደቅኹም ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ከንብሮም ዝኽእል ዕቑባ ወይ ናይ ስደተኛታት ፍቓድ ብተዘዋዋሪ ንክቕበሉ ናይ ምሕታት
- ገበናት ወይ ናይ ሕጊ ኣፈጻጽማ ክበላሾ ሪኢኹም ናይ ምሕባርን ሓገዝ ናይ ምርካብን

**እዞም ዝስዕቡ ሓላፍነታት ኣለዉኹም ከትገብርዎም ድማ ይግባእ:**

- ዋላ ሓተትቲ ዑቅባ እንተኾንኩም ካብ ዩናይትድ ስቴትስ ቅድሚ ምውጻእኩም መምለሲ ፍቓድ ኣብ ናይ ስደተኛታት ጉዕዞ ሰነድ ብምምዝጋብ ምሕታት፣
- ኩሎም ናይ ፌደራል፣ ግዝኣትን ከባቢያዊን ሕጊታት ናይ ምኽባር
- ናይ ፌደራል፣ ግዝኣትን ከባቢያዊን ግብሪ ናይ ምኽፋል፣ ዝምልከተኩም እንተኾይኑ
- ኣብ መንጎ 18 ክሳብ 26 ዕድመ ዘለኻ ተባዕታይ እንተኾይንካ ድማ ኣብ ዝተመረጹ ግልጋሎታት ንምስታፍ ምምዝጋብ
- ገዛ እንተቐይርኩም ድሕሪ ምቕያርኩም ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲታት ን USCIS ምሕባር
- ትሕቲ ዕድመ ደቅኹም ናብ ቤት ትምህርቲ ምስዳድ
- ስደተኛ እንተኾይንኩም ድሕሪ 1 ዓመት ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ምንባር ንሕጋዊ ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ ንምርካብ ምምዝጋብ

## ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ምድልዳል

ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ፣ ሓደሓደ ናይ መንግስቲ ደረጃ ንክትደላደሉ ንክሕግዘኩም ዝተፈላለየ ግደ ይጻወቱ እዮም። ኣብቲ ናይ ምድልዳል እዋን፡ ምስቲ ከባቢያዊ፣ እቲ ግዝኣት፣ ከምኡውን ፌደራላዊ መንግስቲ ቤት ጽሕፈታት ከይድኹም ክትራኸቡ ትኽእሉ ኢኹም።



ምስ ናይ ግዝኣት ስደተኛታት መተሓባበሪኹም፣ ናይቲ ግዝኣት ናይ ስደተኛታት ጥዕና መተሓባበሪ፣ ናይ ምድልዳል ኤጀንሲ ወይ ከባቢያዊ ኮም-መሰረት ዝገበረ ምስ ስደተኛታት ዝሰርሕ ትካል ኣግባባዊ፡ ናይ መንግስቲ ሓገዝ ፕሮግራም ንክትረኽቡ ንክሕግዙኹም ኣዘራርብዎም። ብዙሓት ናይ መንግስቲ ሓገዝ ፕሮግራማት ብግዜ ዝተገደበ ናይ ብቑዕነት ደረጃ እዋናት ኣለዎም፤ እዚ ድማ ካብ ዕቑባ ዝተፈቐደልኩም ወይ ከም ስደተኛ ተቐባልነት ካብ ዝረኸብኩምሉ ግዜ ይጅምር።

እንግሊዘኛ ክትመሃሩ እንተድሊኩም፣ ኣብ ናይ እንግሊዘኛ ክፍሊ ክትምዝገቡ ትኽእሉ። ምስቲ ናይ ምድልዳል ኤጀንሲኹም፣ ህዝባዊ ቤተ ንባብ፣ ማሕበራዊ ግልጋሎት ኤጀንሲ፣ ወይ ናይ ኣምለኾ ቦታ ብዛዕባ ናይ እንግሊዘኛ ትምህርትን ካልእ ዓይነት ትምህርትን ግልጋሎታትን ሓበሬታ ንምርካብ ሕተትዎም።

## ናይቲ ናይ ኢሚግሬሽን ጉዳይኩም ቀጻልቲ ስጉምትታት

ናብ ዩናይትድ ስቴትስ ኣብ ዝሓለፉ 2 ዓመታት ስደተኛ ኮይንኩም እንተኣቲኹም፡ ወይድማ ኣብዚ 2 ዓመታት ውሽጢ ዕቑባ እንተተፈቒድልኩም፣ ንዝኾነ ናይ ቤተ ሰብኩም ኣባል ኣብዚ ናባኹም ንኽመጽእ ክትሓቱሉ ትኽእሉ ኢኹም። ነዞም ዝስዕቡ ናይ ቤተ ሰብ ኣባላት ክትሓቱሎም ትኽእሉ:

- በዓልቲ/በዓል ቤት
- ውላድ (መጀመርያ ናይ ዕቑባ ወይ ናይ ስደተኛታት ኩነታት ክትምዝገቡ ከለኹም ዘይተመርዐወን ትሕቲ 21 ዓመቱን እንተነይሩ)

እዚ ናይ ስደተኛ / ዕቑባ ንዘመድ ምሕታት ቅጥዒ I-730፣ ናይ ዕቑባ ፈቓድ ምስተቐበልኩም ወይ ከም ስደተኛ ተቐባልነት ምስረኸብኩም ኣብ ውሽጢ 2 ዓመታት ናብ USCIS ኣረክቡ ወይ እዘን 2 ዓመታት ንምንዋሕ ናይ ግብረ ሰናይ ስራሕ እንዳሰራሕኩም ጽንሑ። እዚ ቅጥዒ ኣብ uscis.gov/i-730 ምርካብ ይከኣል።

## ሕጋዊ ቀዋሚ መንበሪ

**ሕጋዊ ቀዋሚ ነባራይ(ግሪን ካርድ ዘለዎ) ዝበሃል ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ብቀዋሚነት ንኸነብርን ንኸሰርሕን ፍቓድ ዝተወሃቦ ሰብ እዩ። ናይዚ ኩነታት እዚ መረጋገጺ፣ እዚ ሰብ ናይ ቀዋሚ መንበሪ ካርድ ይወሃቦ፣ እዚ ድማ ብተለምዶ ግሪን ካርድ ይበሃል። ግሪን ካርድ ምርካብ ንሙሉእ ናይ ዩኤስ ዜግነት ምምዝጋብ ኣብ መንገዲ የእቱ (ብዛዕባ እዚ ብሰፊሑ ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ኣሎ)።**

- ስደተኛታት ናብ ዩናይትድ ስቴትስ ድሕሪ ምምጽኦም ድሕሪ 1 ዓመት ቀዋሚ ናይ መንበሪ ካርድ ንምርካብ ክምዝገቡ **ኣለዎም።** እዚ ምልክታ እዚ ንምእታው ድማ እዞም ስደተኛታት ብኣካል ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ 1 ዓመት ዝገበሩ ክኾኑ ኣለዎም።
- ዕቑባት ዕቑባ ምስ ተወሃቦም ድሕሪ 1 ዓመት ንናይ ቀዋሚ ናይ መንበሪ ካርድ ክምዝገቡ **ይኽእሉ።** እዚ ምልክታ እዚ ንምእታው ድማ እዞም ዕቑባት ብኣካል ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ 1 ዓመት ዝገበሩ ክኾኑ ኣለዎም።

ንሕጋዊ ቀዋሚ መንበሪ ንምምዝጋብን ቀዋሚ ናይ መንበሪ ካርድ ንምርካብን፣ ቅጥዒ I-485 ኣእትዉ፣ ማመልከቻ ንቀዋሚ መንበሪ ወይ ኩነታት ንምስትኽኻል ተመዝገቡ። እዚ ቅጥዒ ኣብ uscis.gov/i-485 ምንባር ይከኣል። ዕቑባት ቅጥዒ I-485 ንከእትዉ ክፍሊት

ክኸፍሉ ኣለዎም፣ ስደተኛታት ቅጥዒ I-485 ንክእትዉ ግን ክፍሊት ኣይኸፍሉን። ኮም -መሰረት ዝገበረ ትካል፣ ናይ ከባቢዊ ምድልዳል ኤጀንሲ ሓዊሱ፣ ኣብዚ ጉዳይይዱ ክሕግዙኹም ይኽእሉ።

## ስደተኛታት

ስደተኛ እንተኾይንኩም፣ ስደተኛ ምዃንኩም ብዩኤስ ተቐባሊነት ምስ ረኸብኩም ድሕሪ 1 ዓመት ሕጋዊ ናይ ቀዋሚ መንበሪ ንምርካብ ክትምዝገቡ ብሕጊ ትግደዱ።

**ንሕጋዊ ቀዋሚ መንበሪ ተመዝገቡ**

**ቅጥዒ I-485 ኣእቱ፣ ቀዋሚ መንበሪ ንምርካብ ወይ ኩነታትኩም ንምስትኽኻል ማመልከቻ፣ ስደተኛታት ቅጥዒ I-485 ንምእታው ወይ ንባዮሜትሪክ ግልጋሎታት ክፍሊት ኣይትኸፍሉን።**

እዞም ዝስዕቡ እንተኣማላእኹም ክትምዝገቡ ብቑዕ ኢኹም:

- ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ስደተኛ ምዃንኩም ተቐባሊነት ምስ ረኸብኩም እንተወሓደ ን 1 ዓመት ብኣካል እንተኔርኩም;
- ቅጥዒ I-485 ኣብ እተእትዉሉ ግዜ ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ብኣካል ክትህልዉ ኣለኩም;
- ከም ስደተኛ ኮይንኩም ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ተፈቒድልኩም; ከምኡውን
- ናይ ስደተኛ ፍቓድኩም ዘይተሓደግኩም እንተኾይንኩም።

ንዝበለጸ ሓበሬታ uscis.gov/i-485 ከምኡውን ኣብ uscis.gov/greencard/refugees ተመልከቱ።

**ንናይ ዩኤስ ዜግነት ተመዝገብ**

ንዝተወሰኑ ዓመታት ሕጋዊ ቀዋሚ ነባራይ ኮይንኩም እንተጸኒሕኩምን ኩሎም ካልኦት ረቛሒታት እንተማሊእኹምን ዜግነት ንምቕባል ብቑዕ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። ብኽብረትኩም ንዝበለጸ ሓበሬታ ኣብ uscis.gov/citizenship ተመልከቱ።

## ሓተትቲ ዑቕባ

ሓተትቲ ዑቕባ እንተኾይንኩም፣ ዕቑባ ምስ ተወሃበኩም ድሕሪ 1 ዓመት ንሕጋዊ ቀዋሚ መንበሪ ንምርካብ ንምርካብ ብቑዕ ክትኮኑ ትኽእሉ ኣብዚ ግዜ እዚ ኩሉ መንበሪ ረኺብኩም እንተጸኒሕኩም፣ ክትምዝገቡ ግን ኣይጽበየኩምን።

### ሕጋዊ ቀዋሚ መንበሪ ንምርካብ ተመዝገቡ

ቅጥዒ I-485 ኣእቱ፣ ቀዋሚ መንበሪ ንምርካብ ወይ ኩነታትኩም ንምስትኽኻል፣ ኣግባባዊ ፋይል መእተዊ ምኽፋልን ናይ ባዮሜትሪክ ግልጋሎት ምኽፋልን ማመልከቻ።

እዞም ዝስዕቡ እንተኣማላእኹም ክትምዝገቡ ብቑዕ ኢኹም:

- ድሕሪ ዕቑባ ምቕባልኩም እንተወሓደ ን 1 ዓመት ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ብኣካል እንተኤርኩም;
- ቅጥዒ I-485 ኣብ እተእትዉሉ ግዜ ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ብኣካል ክትህልዉ ኣለኩም;
- ስደተኛ ዝብል ትርጉም ክተማልኡ እንተቐጺልኩምን ወይ ናይ ስደተኛ ሰብ በዓል ቤት ወይ ናይ ስደተኛ ቆልዓ ወላዲ እንተኾንኩም;
- ኣብ ወጻኢ ሃገር ብኣግባቡ ዝተደላደልኩም እንተዘይኮይንኩም;
- ከም ስደተኛ ኮይንኩም ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ተፈቒድልኩም; ከምኡውን
- ናይ ዕቑባ ፍቓድኩም ዘይተሓደግኩም እንተኾይንኩም።

ንዝበለጸ ሓበሬታ uscis.gov/i-485 ከምኡውን ኣብ uscis.gov/greencard/asylees ተመልከቱ።

### ንናይ ዩኤስ ዜግነት ተመዝገብ

ንዝተወሰኑ ዓመታት ሕጋዊ ቀዋሚ ነባራይ ኮይንኩም እንተጸኒሕኩምን ኩሎም ካልኦት ረቛሒታት እንተማሊእኹምን ዜግነት ንምቕባል ብቑዕ ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። ብኽብረትኩም ንዝበለጸ ሓበሬታ ኣብ uscis.gov/citizenship ተመልከቱ።

## ዜግነት

ዜግነት ንኩሎም ኣሜሪካውያን ዘተኣሳስሮም ናይ ሓባር ነገር እዩ። ብዘርኢ ወይ ብሃይማኖት ዝተኣሳሰርና ሃገር ኣይኮንናን እምበኣር ከስ ብናይ ነጻነት ዋጋ፣ ሓርነትን ማዕርነትን ዝተኣሳሰርና ኢና። ናይ ዩኤስ ዜጋ ክትኮኑ ከለኹም፣ ሃገርና ኣብ እትመሓደረሉ ከይዲ ድምጽኹም ክትህቡ ትኽእሉ።

ሕጋዊ ቀዋሚ መንበሪ ጸኒሕኩም ዘርኣኽምዎ ጠባያት ናይ ዩኤስ ዜጋ ናይ ምኳን ዕድልኩም ክጸልዎ ይኽእል እዩ። እዚ ናይ ዩኤስ ዜግነት ናይ ምርካብ ከይዲ ነውትራላይዜሽን ይበሃል። ከም ናይ ዩኤስ ዜጋ ተቐባሊነት ንምርካብ ኩሎም ረቛሒታት ክተማልኡ ኣለኩም።



ብሓፈሻ፣ ሕጋዊ ቀዋሚ መንበሪ ዘለዎ ኮይንኩም ዝተወሰኑ ዓመታት ድሕሪ ምጽናሕኩም፣ ዜግነት ንምርካብ ክትምዝገቡ ትኽእሉ። ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቑባን ናይ ሕጋዊ ቀዋሚ መንበሪ ካብ ዝረኸቡሉ ዕለት ድሕሪ 5 ዓመታት ዜግነት ንምርካብ ክትምዝገቡ ትኽእሉ። ሓተትቲ ዑቑባን ቅጥዒ I-485 ቅድሚ ምእታዎም ቅድሚ 1 ዓመት ንሕጋዊ ቀዋሚ መንበሪ ንምርካብ ክምዝገቡ ኣለዎም። ቅጥዒ I-485 ኣብ ዝጸድቀሉ እዋን፣ ስደተኛታት ንሕጋዊ ቀዋሚ መንበሪ ናብ ዩናትድ ስቴትስ ኣብ ዝመጹሉ ግዜ ይምዝገቡ።

ንኩሉ ናይ ዜግነት ምርካብ ብቑዕነት ረቛሒ ዝርዝራት ኣብ uscis.gov/citizenship ተመልከቱ። እዞም ረቛሒታት ድማ እዞም ዝስዕቡ የካትቱ:

- ንዝተወሰነ እዋን  ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ብኣካል ክትህሉ ኣለካ።
- ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ቀጻሊ ነባርነት ክህልዎኩም ኣለዎ።
- ጽቡቕ ናይ ሞራል ባህርያት ክህልወኩም ኣለዎ።
- ብዛዕባ ናይ ዩኤስ ታሪኽን መንግስትን (ሲቪክስ) መረዳእታ ዘለኩምን ከምእውን መሰረታዊ ዝኾነ ናይ እንግሊዘኛ ፍልጠት ማለት  ክትዛረቡ፣ ክተንብቡ፣ ክትጽሕፉን ክትርድኡን ኣለኩም።
- ናይ ዩኤስ ሕገ መንግስቲ መምርሒታትን ሕጊታትን ክትድግፉን ምስ ዩናይትድ ስቴትስ ንምሕባር ቃል ክትኣትዉን ኣለኩም።

ዜግነት ንምርካብ ንምምዝጋብ፣ ናይ ዜግነት ምርካብ መመልከቲ ቅጥዒ N-400 ኣእቱ፣ ብኦንላይን uscis.gov/n-400። ንቅጥዒ N-400 ንናይ ባዮሜትሪክ ክፍሊት ኣብ ኦንላይን ክትከፍሉ ትኽእሉ። ነቶም ዜግነት ንክረኽቡ ብቑዓት ንዝኾኑ ሰባት ረቛሒታት ዘይምልከትዎምን ምምሕያሻትን ኣለዉ። USCIS ንኣካለ ስንኩላት እውን ድጋፍ ይህብ እዩ። ብዙሓት ከባቢዊ ትካላት፣ ከም ከባቢዊ ናይ ምድልዳል ኤጀንሲታት ዝኣመሰሉ ንዜግነት ምቕባል  ክሕግዞኹም ይኽእሉ።

ሓደ ሓደ ጥቕሚታት፣ መሰላትን ሓላፍነታትን ምስ ናይ ዩኤስ ዜግነት ይመጹ፣ እዚ ድማ ከምኒ ኣብ ናይ ፌደራላዊ ምርጫ ድምጺ ምሃብ፣ ኣብ ጁሪ ምግልጋል፣ ናይ ዩኤስ ፓስፖርት ሒዝካ ምጉዓዝ፣ ንፌደራላዊ ስራሕ ምውድዳር፣ ድምጺ ተዋሂብካ ዝተመረጸ ኦፊሻል ምዃን ሓዊሱ።



## USCIS ኣዘራርባ

ንተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ uscis.gov ተመልከቱ፣ ናይ ኬዝ ኩነታትኩም ንምክትታል፣ ወይ ናይ USCIS ቤት ጽሕፈት ንምርካብ። ናብ USCIS 800-375-5283 ብናጻ ስልኪ ደውሉ ። ንምስማዕ ዝተሰኣናም ሰባት፣ ናይ ምስማዕ ጸገም ዘለዎም ወይ ናይ ዝርርብ ጸገም ንዘለዎም ሰባት፣ ናብ TTY 800-767-1833 ደውሉ። እዚ ግልጋሎት ብእንግሊዘኛን ብስፓኒሽን ምርካብ ይከኣል። uscis.gov/contactcenter ኣብ ናይ USCIS ተረካቢ ማእኸል ክትምልከቱ ትኽእሉ።

## USCIS ምንጪታት

USCIS ሕጋዊ ስደት ናብ ዩናይትድ ስቴትስ ይከታተል። ግሪን ካርድ ንምርካብ ምምዝጋብ፣ ናይ ዩኤስ ዜግነት ምርካብ፣ ምስ ቤተ ሰብኩም ዳግም ንምእካብ፣ ሃገር ኣቋሪጽኩም ንምጉዓዝን ካልኦትን ብኸመይ ከምትኽእሉ ተመሃሩ።

**ናይ ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቑባን ምንጪታት**

uscis.gov/howdoi/refugeesasylees

**ናብ ዩናይትድ ስቴትስ እንኳዕ ብደሓን መጻኹም: ንሓደሽቲ ስደተኛታት መምርሒ**

እዚ መምርሒ እዚ ንስኹምን ቤተ ሰብኩምን ኣብ ናይ መዓልታዊ ህይወትኩም ዘድልይኹም መሰረታዊ ሓበሬታታት ንምርካብ ክሕግዘኩም እዩ። መሰላትኩምን ሓላፍነታትኩምን ይገልጽ፣ ኣብ ናይ ከባቢኹም ኮም ከመይ ከምእትሕወሱ ሓሳበት ይህብ፣ ሕጋዊ ቀዋሚ ነባራይ ምስ ኮንኩም ድማ ንናይ ዩኤስ ዜግነት ንክትምዝገቡ ክሕግዘኩም እዩ።

uscis.gov/newimmigrants

## USCIS ምንጪታት

### ኣብ ዩኤስ ምድልዳል

እዚ መርበብ ሓበሬታ ብዛዕባ ዩናይትድ ስቴትስ፣ ትምህርቲን ናይ ቆልዑ ክንክንን፣ ሃንደበታዊ ግዜን ደሕንነትን፣ ካብ ዩናይትድ ሰቴትስ ወጻኢ ምጉዓዝ፣ ኣብ ስራሕ ምቝጻር፣ ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ምድልዳል፣ ናይ መንግስቲ ጥቕማ ጥቕሚ፣ ጥዕና ክንክን፣ ገንዘብን ፋይናንስን ሓበሬታ ከቕርበልኩም እዩ።

uscis.gov/tools/settling-us

### ናይ ዜግነት ምንጪ ማእኸል

እዚ መርበብ ሓበሬታ ንናይ ዩኤስ ዜግነት ንምድላው ናይ ትምህርቲ መሳርሒታትን ሓበሬታን ሒዝልኩም ቀሪቡ ኣሎ።

uscis.gov/citizenship

### ካብ ምድንጋራት ተጠንቀቑ

ብዛዕባ ናይ ስደት ጉዳይ ሕጋዊ ምኽሪ ዘድልየኩም እንተኾይኑ፣ እቲ ዝሕግዘኩም ዘሎ ሰብ ሕጋዊ ምኽሪ ንክህበኩም ስልጣን ዘለዎ ምዃኑ ኣረጋግጹ። ሕጋዊ ምኽሪ ክህቡኹም ዝኽእሉ ጠበቓን ስልጣን ዘለዎ ብናይ ዩኤስ ፍትሒ ክፍሊ ኣፍልጦ ዘለዎ ወኪልን ጥራሕ እዩ።

uscis.gov/avoid-scams

uscis.gov/avoid-scams/find-legal-services

### ቅጥዒታት

ንስራሕ ፈቓድ ምርካብ፣ ፈቓድኩም ንምሕዳስ፣ ወይ ሰነድኩም ንምቕያር **ቅጥዒ I-765** ተጠቐሙ።

uscis.gov/i-765

## USCIS ምንጪታት

| |
|---|
| በዓልቲ/በዓል ቤትኩም ወይ ደቅኹም ናብ ዩናይትድ ስቴትስ ንምምጻእ **ቅጥዒ I-730** ተጠቐሙ።<br><br>uscis.gov/i-730 |
| ናይ ስደተኛ ናይ ጉዕዞ ሰነድ ብምቕባል ናብ ዩናይትድ ስቴትስ ንምምላስ ፈቓድ ንምሕታት **ቅጥዒ I-131** ተጠቐሙ።<br><br>uscis.gov/i-131 |
| ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ እንተሃሊኹም ንሕጋዊ ቀዋሚ መንበሪ ንምርካብ  ንምምዝጋብ **ቅጥዒ I-485** ተጠቐሙ።<br><br>uscis.gov/i-485 |
| ንናይ ዩኤስ ዜግነት ንምምዝጋብ **ቅጥዒ N-400** ተጠቐሙ።<br><br>uscis.gov/n-400 |
| ኣድራሻኹም ብ USCIS ምሕዳሱ ንምርግጋጹ **ቅጥዒ AR-11** ተጠቐሙ።<br><br>uscis.gov/ar-11 |
| **myUSCIS**<br><br>ብዛዕባ ናይ ስደተኛታት ጥቕሚታት ማመልከቻ ከይዲ፣ ዜግነት ንምቕባል ዘድልዩኹም መሳርሒታት፣ ናይ ዜግነት ንምርካብ ምድላው ትምህርትታት ምንጪን ኣብ ከባቢኹም ዘለዉ ዶክተራትን ሓደሽቲ ሓበሬታታት ርኸቡ። ማመልከቻ ከመይ ከምተእቱ ተመሃር ወይ ብዛዕባ ጉዳይኩም ብኦንላይን ኣካውንት ብምምዝጋብ ብኦንላይን ናይ ሓበሬታ ኣቕርቦት ርኸቡ።<br><br>my.uscis.gov<br><br>myaccount.uscis.dhs.gov |

## ካልኦት ፌደራላዊ ምንጪታት

እዚ ዝስዕብ ቻርት ብዛዕባ ናይ ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቑባን ፌደራላዊ መንግስቲ ግልጋሎት ተወሳኺ ሓበሬታ የቕርብ።

| ፌደራላዊ ናይ መንግስቲ ምንጪታት |
|---|
| **ዩኤስ ናይ ጥዕናን ሰብኣዊ ዓቕምን ግልጋሎታትን ክፍሊ ናይ ህጻናትን ቤተሰባትን ምምሕዳር ናይ ስደተኛታት ምድልዳል ቤት ጽሕፈት** (ORR)<br><br>ስደተኛ፣ ሓተትቲ ዑቑባን ቀጥተኛ ናይ ቤተ ሰብ ኣባልን እንተኾይንኩም፣ ብ ORR ሓገዝን ግልጋሎታትን ንምርካብ ብቑዕ ክትኮኑ ትኽእሉ። ናይ ORR ዝተፈላለዩ ጥረ ገንዘብን ሕክምናዊ ሓገዝን፣ ናይ ስራሕ ቆጸራ ምድላዋት፣ ናይ ስራሕ ምደባ፣ ከምኡውን ናይ እንግሊዘኛ ቋንቋ ስልጠና ሓዊሱ ዝተፈላለዩ ፕሮግራማት ይምውልን የመሓድርን። መብዛሕትኦም እዞም ፕሮግራማት ካብ ዕቑባ ዝረኸብኩምሉ ወይ ናብ ዩናይትድ ስቴትስ ስደተኛ ኮይንኩም ዝኣተኹምሉ ዕለት ዝጅምር ናይ ግዜ ገደብ ዘለዎም ናይ ብቑዕነት ግዜታት ኣለዎም። **ኣብዞም ፕሮግራማት እዚኦም ብቑዕ ምዃንኩም ንምፍላጥ ብዝተኸኣለኩም ፍጥነት ፈትሹ ኣብ ሓዲኦም ድሌት እንተሃሊኩም።**<br><br>ናይቲ ግዝኣት ስደተኛ መተሓባበሪ/ናይቲ ግዝኣት ጥዕና መተሓባበሪ<br>acf.hhs.gov/orr/resource/orr-funded-programs-key-contacts<br><br>ናይቲ ግዝኣት ፕሮግራማትን ምንጪታትን<br>acf.hhs.gov/orr/state-programs-annual-overview<br><br>ናይ ጥዕና መድሕን ምንጪታት<br>acf.hhs.gov/orr/health<br><br>ተመጣጣኒ ዋጋ ዘለዎም ናይ መንበሪ ገዛ ምንጪታት<br>acf.hhs.gov/orr/resource/finding-affordable-housing<br><br>ናይ ስራሕ ቆጸራ ምንጪታት<br>acf.hhs.gov/orr/employment-resources |

## ፈደራላዊ ናይ መንግስቲ ምንጪታት

### ናይ ዩኤስ ግዝኣት ክፍሊ ናይ በዝሒ ህዝቢ፣ ስደተኛታትን ስደትን ቤት ጽህፈት ጋሻ መቐበሊን ናይ ምደባን ፕሮግራም

ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ናይ ስደተኛ ኩነታት እንትተፈቒድልኩም፣ ብናይ ዩኤስ ናይቲ ግዝኣት ክፍሊ ብዝካየድ ብናይቲ ጋሻ ምቕባልን ናይ ምደባ ፕሮግራማን ናይ ምድልዳል ኤጀንሲ ስፖንሰር ረኺብኩም ኣለኹም ማለት እዩ። እዚ ናይ ስፖንሰር ኤጀንሲ ኣብ ሓዲኦም ናይ ከባቢኡ ኦፊሳት ንዓኹም ናይ ምምዳብን ናይ መጀመርያ ግልጋሎታት ንዓኹም ናይ ምቕራብን ሓላፍነት ኣለዎ፣ ንኣብነት ከም መንበሪ ገዛ፣ መሰረታዊ መመላኽዒታት፣ ምግቢ፣ ክዳውንቲ፣ ናይ ካልኦት ማሕበራዊ፣ ሕክምና፣ ከምኡውን ስራሕ ቆጸራ ግልጋሎታት ድማ ኣብ ናይ መጀመርያ 30 ክሳብ 90 ናይ ዩናይትድ ስቴትስ ጻኒሕትኩም ኣብ ዘለዉ መዓልቲታት ንዓኹም ምሕጋዝን ምልላይን። ***መጀመርያ ስደተኛ ኮይንኩም ናብ ዩናይትድ ስቴትስ ኣብ ዝመጻኹምሉ ግዜ፣ ከባቢዊ ናይ ምድልዳል ኤጀንሲኹም ንምልዳል ክትሓስቡ ከለኹም ገጽኩም ናብኡ ተዘሩሉ ናይ መጀመርያ ቦታ እዩ።***

state.gov/refugee-admissions/reception-and-placement

### ናይ ዩኤስ ናይቲ ግዝኣት ክፍሊ ናይ በዝሒ ህዝቢ፣ ስደተኛታትን ስደትን ቤት ጽህፈት ባህላዊ ምልላይን ናይ ምንጪ ልውውጥን (CORE)

ብዩኤስ ናይቲ ግዝኣት ክፍሊ ተመዊሉ፣ CORE ዝተፈላለዩ ንናይ ዩኤስ ስደተኛታት ባህላዊ ናይ ምልላይ ምንጪታት የቕርብ። እዚ መርበብ ሓበሬታ ማቴርያላት ብዓረብኛ፣ ፋርሲ፣ ኪንያርዋንዳ፣ ኪስዋሂሊን ሶማሊን ቋንቋታት ኣዳልዩ ኣሎ። CORE ምስ ናይ ዩናይትድ ስቴትስ ባህሊ ክትተኣታተዉ ክሕግዘኩም እዩ። ***ብዛዕባ ስራሕ ቆጸራ፣ መንበሪ ገዛ፣ ጥዕና ክንክን፣ ገንዘብ ኣተሓሕዛ ዝበለጸ ሓበሬታ ንምርካብን ኣብ ዩናይትድ ስቴትስ ሂወትኩም ንምምችቻውን ኣብ CORE ተመልከቱ።***

corenav.org

## *ፌደራላዊ ናይ መንግስቲ ምንጪታት*

**ናይ ዩኤስ ስራሕ ክፍሊ (DOL)**

DOL ንናይ ዩናይትድ ስቴትስ መሃያ ኣከብቲ፣ ስራሕ ደለይቲን ጥቆታ ዝወጹን ሰባት ደሕንነት የተባብዕ፣ የበረታትዕን የማዕብልን; ረብሓ ዝርከበሉ ክፍሊት ናይ ምርካብ ዕድል ንምምዕባል ይሰርሕ; ምስ ስራሕ ዝተተሓሓዙ ጥቕሚታትን መሰላትን ድማ የረጋግጽ። careeronestop.org *ረኣዩ። ኣብ ከባቢ ኹም ስራሕን ስልጠናን ንምርካብ ክሕግዘኩም ይኽእል።*

ናይ ሰራሕተኛ መሰላት ምንጪታት

dol.gov

ናይ ኣሜሪካ ስራሕ ማእኸላት (ብ DOL ስፖንሰር ዝተገበረ)

careeronestop.org

877-US2-JOBS (877-889-5627 (TTY))

**ዩኤስ ናይ ፍትሒ ክፍሊ ናይ ስደተኛን ሰራሕተኛታትን መሰላት ክፍሊ**

እዚ ናይ ዩኤስ ናይ ፍትሒ ክፍሊ ስደተኛታትን ሰራሕተኛታትን መሰላት ክፍሊ ናይ ጸረ ኣድልዎ ናይ ስደተኛታትን ዜግነትን ዓንቀጽ ኣብ ስራሕ ክውዕል ይገብር። እዚ ሕጊ ኣስራሕቲ ሰራሕተኛታት ኣብ ዝቖጽሩሉ፣ ዘባርሩሉ ወይ ዝምልምሉሉ ወይ ክፍሊት ብዝምልከት ብናይ ዜግነት ኩነታትን ብሄራወ መበቆልን ተበጊሶም ኣድልዎ ከይፍጽሙ ይከላኸል። ኣግባባዊ ዘይኮኑ ተግባራትን ሕነ ፈደያ ወይ ምፍርራሓት እውን ይከላኸል። *ብምኽንያት ዝመጻኹምሉ ሃገር፣ ወይ ዓቐቢ ወይ ስደተኛ ስለ ዝኾንኩም ስራሕ ንምርካብ ኣብ ትፍትኑሉ እዋን ኣድልዎ ገጢምኒ ትብሉ እንተኾይንኩም፣ እዚ ናይ ስደተኛታትን ሰራሕተኛታትን መሰላት ክፍሊ ክሕግዘኩም ይኽእል።*

## ፌደራላዊ ናይ መንግስቲ ምንጪታት

ብዛዕባ ብምኽንያት ዜግነት ወይ ናይ ስደታኛነት ከነታት ናይ ስራሕ ቆጻራ ኣድልዎ ዝምልከቱ ምንጪታት

justice.gov/crt/immigrant-and-employee-rights-section

800-255-7688 (800-237-2515 (TTY))

**ማሕበረ ሰባዊ ናይ ደሕንነት ምምሕዳር**

ስራሕ ንምርካብ፣ ማሕበራዊ ናይ ደሕንነት ጠቕሚታት ንምእካብ፣ ከምኡውን ንካልኦት መንግስታዊ ግልጋሎታት ማሕበራዊ ናይ ደሕንነት ቁጽሪ የድልየኩም እዩ። ***እዚ ናይ ማሕበራዊ ደሕንነትቁጽሪን ካርድን ክትረኽቡ ኣለኩም። ብዛዕባ ስደተኛታትን ዓቓብቲን ንጹር ሓበሬታ ንምርካብ ናብዚ መርበብ ሓበሬታ ኪዱ።***

ssa.gov/people/immigrants

800-772-1213 (800-325-0778 (TTY))

USCIS ኣብቲ ናይ *USCIS* ስደተኛታትን ሓተትቲ ዑቕባን ይቐበል ዝብል መስርሕ  ዘለዉ ምስሊታት ናይ ምጥቃም መሰል ዓዲጉ እዩ። USCIS እዞም ምስሊታት ብፍሉይነት ወይ ብዘይ ዘዋወር መሰረት ንክጥቀመሎም ፈቓድ ኣለዎ። ካልኦት ናይዞም ምስሊታት፣ ብዘይ ገደብን ኮፒራይትን ሓዊሱ ዘለዉ መሰላት፣ ብናይዞም ምስሊታት ሰብ ዋና ዝተተሓዙ እዮም። እዞም ምስሊታት ናይ ሀዝቢ መዳይ ኣይኮኑን ከም ናይ ሕትመት ኣካል ኮይኖም እንተዘይኮይኑ ዘይክጥቀሙሎም እውን ይኽእሉ።

U.S. Citizenship
and Immigration
Services

uscis.gov